## ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለን ሰውራዊ ባይቶን ብዓወት ተዛዚሙ

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
**23.07.2008**



ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ኣብ'ቲ እተመደበሉ ዕለት ካብ 20-21 ሓምለ 2008 ተኻይዱ። ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራብ፡ ነቶም ናይ መዘራረቢ ኣጀንዳታት ኣቕሪቡ። ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ነቲ ዝቐረበ ኣጀንዳ ድሕሪ ምጽዳቕ፤ ነቶም ብኣቦ መንበርን ምኽትል ኣቦ መንበርን ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈታት ውድብ ዝቐረቡ ንሕሉ መዳያዊ ንጥፈታት ናይ ውድብና ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ዝድህስሱ ጸብጻባት ሰሚዖን ተኻቲዖን። ድሕሪ ዓሚቕን ጠቓምን ምይይጥ ድማ፡ ዝድለ ምምሕያሻት ድሕሪ ምግባር፡ ናብ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ዝቐርብ ጸብጻብ ኣጻፊፉ ስርሓቱ ብዓወት ዛዚሙ።



ንጽባሒቱ፡ ዕለት 22 ሓምለ 2008 ድማ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ጀሚሩ። ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩምን ናይ ምስጋናን ቃላት ድሕሪ ምቕራብ ነቲ ኣኼባ ብወግዒ ከፈትዎ። እዚ ኣኼባ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ግዚኡ ዝካየድ ዘሎ ስሩዕ ኣኼባ ምኻኑ፡ ንመወዳእታ ግዜ ዝካየድ ዘሎ

ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣኼባ ስለዝኾነ ፍሉይን ታሪኻውን ውን ኢዩ ኢሉ። ቀጺሉ፡ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ኣፈ ባይቶ ውድብ፡ ብቕቡል ዝኾነ ምኽንያታት ኣብ'ቲ ኣኼባ ክሳተፍ ዘይምኽኣሉ ኣብሪሁ። ካብ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ እተላእከ ናይ ሰላምታን ምትብባዕን መልእኽቲ ድማ ንኣኼበኛታት ኣመሓላሊፉ።

ብድሕር'ዚ፡ ብጻይ ገረዝጊሄር ተወልደ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ወኪል ውድብ ኣብ ካናዳን፡ ከም ኣፈ ባይቶ ኰይኑ ነቲ ኣኼባ ክመርሕ ብምሉእ ድምጺ ናይ ኣኼበኛታት ድሕሪ ምምራጹ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ብወግዓዊ ኣገባብ ተኸፊቱ። ኣኼባ ዝምርሓሉ ቅጥዕታትን ግዜን ኣጀንዳን ድሕሪ ምንጻር ድማ፡ ኣኼበኛ ነቲ ብፈጻሚ ሽማግለ ዝቐረበ ጸብጻባት ሰሚዑን ተመያይጡን። ኣብ'ዚ ካብ ዕለት 22-23 ሓምለ 2008 ዝተኻየደ ታሪኻዊ ኣኼባ'ዚ እቲ ኣብ'ዘን ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝተኻየደ ንጥፈታትን፣ ከምኡ ውን፡ ካብ መጀመርያ ሰማንያታትን ኣትሒዙ ክሳብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝነበረ ተመኵሮ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ቃልሲ ብጽሙቕ ዝበለ ኣገባብ ቀሪቡ።

ኣኼበኛታት፡ ነቲ ዝቐረበሎም ጸብጻብ ድሕሪ ምምይጣን ምምሕያሽን ነቲ ጸብጻብን ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቐሞ። ከምኡ ውን፡ ንጉባኤ ሰልፊ ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ለበዋታት ኣመሓላሊፉ።

